# ምኽንሻብ

**ኣብ ሽወደን ብመሰረት ናይ ሽወደን ሕጊ (SFS 1982:316) ምኽንሻብ ክልኩል እዩ።**

ዝኾነ ነዚ ሕጊ ዝጠሓሰ ሰብ ክሳብ 10 ዓመት ክእሰር ይኽእል እዩ። ዋላ'ውን እቲ ምኽንሻብ ካብ ሽወደን ወጻኢ ይፈጸም። ፈተነን ምድላውን ምኽንሻብ እውን ዘይሕጋዊ እዩ። ከምኡ'ውን ንምኽንሻብ ንምፍጻም ዝደፋፍእ ሰብ። ምኽንሻብ ክፍጸም ምኳኑ እንዳ ፈለጥካ ንዝምልከቶ ኣካል ነቲ ጉዳይ ዘይምምልካት እውን ገበን እዩ። ብግብሪ ነቲ ምኽንሻብ መን ከም ዝገበሮ ብዘየገድስ፡ ወለዲ ናይ'ታ ጓል፡ ነቲ ምኽንሻብ ናይ ምኽልካል ሓላፍነት ኣለዎምን ኣብ ሽወደን በቲ ገበን ክፍረዱ ይኽሉን እዮም።

ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

Länsstyrelserna

Polisen

# ሳዕቤን

**ምኽንሻብ ኣል ኣንስተይቲ፡ ከም ግዝረት ኣል ኣንስተይቲ እውን ዝፍለጥ፡ ናይ ኣል ወይ ሰበይቲ ግዳማዊ ክፋል ብልዕቲ ንምቑያር ወይ ምጕዳእ ዝዓለመ ግህሰት እዩ። ምኽንሻብ ብብዙሕ መንገዲ ጕድኣት የስዕብ እዩ። ነዚ ዝስዕብ ጸገማት ድማ ሸውንሸውን ዳሕራይ ኣብ ሂወትን ከስዕብ ይኽእል፡**

- ኣብ ዝፍጸመሉ እዋን ብርቱዕ መድመይቲ
- ረኽሲ
- ቃንዛ ኣብ ከባቢ ብልዕቲ
- ጸገም ኣብ ምሻን
- ጸገም ኣብ እዋን ጻግነ (ጻድያት)
- ቃናዛ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ንኽልቲኦም ሰበይቲን ሰብኣይን
- ንኣል ኣንስተይቲ ካብ ምጥናስ ክዕንቅፋ ዝኽእል መጕዳእቲ
- ጸገማት ኣብ እዋን ሕርሲ
- ኣእምሮኣዊ ጕዳይ
- ሞት

# ዓይነታት ግዝረት ብልዕቲ

**ውድብ ጥዕና ዓለም ኣርባዕተ ዓይነት ምኽንሻብ የነጽር፦**

**1ይ ዓይነት፦** እቲ ጉድበን/ወይ ጉልባብ ናይ ጉድበን ተኣልዩ ኣሎ።

**2ይ ዓይነት፦** ጉድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቘሪጹ ኣሎ።

**3ይ ዓይነት፦** ጉድበ፡ ውሽጣዊ ከንፈር ሕምሲን ደጋዊ ከንፈር ሕምሲን ተቘሪጹ ናይ ርሕሚ ከፋት ንምሽፋን ብሓደ ተሰፍዮም ኣለዉ።

**4ይ ዓይነት፦** ኵሎም ካልኦት ንርሕሚ ጐዳእቲ ዝኾኑ ከም ምብሳ ዝኣመሰሉ  ኣገባባት፡፡፡

ሓደ ሓደ ግዜ ሰብ ብዛዕባ ዝተፈላልዩ ዓይነት ምኽንሻብ ( ምጒዳል ብልዕቲ) ክዘረብ ከሎ “ሱናህ” ይጥቀስ እዩ። ኵሉ ዓይነት ምጒዳል ብልዕቲ (ምኽንሻብ) ነቶም ብ”ሱናህ” ዝፍለጡ ሓዊስካ  ዘይሕጋው ያን እዩም።

Polisen

Länsstyrelserna

ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

*Detta material är framtaget av Länsstyrelsen Östergötland.*

ሕጊ *(1982:316)* ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ዚኽልክል

# INFORMATION OM KÖNSSTYMPNING

*Tigrinja*

Sweden